SÖDERKÖPING.SE

## ምምልካት ቁጠባዊ ረዲኤት ብኢንተርነት

ኣብ ዝኾነ ይኹን ሰዓት ቀሲንካ ኣብ ገዛኻ ኮይንካ ብኢንተርነት ቁጠባዊ ረዲኤት ክተመልክት ትኽእል ኢኻ።

እቲ ተመልክተሉ ኣድራሻ ኢንተርነት ኣብ'ዚ ዝስዕብ እዩ
https://minasidor.soderkoping.se/EkonomisktBistand




## እዚ ብኢንተርነት ዝምልከት ብኸመይ ይሰርሕ?

- ✓ ብኢንተርነት ንኽተመልክት ሞቢል-ተሌፎን ወይ ኮምፒዩተር ወይ ኣይፓድ የድልየካ። ብተወሳኺ መንነትካ ንምርግጋጽ ባንክ-ኣይዲ( BankID) ወይ ፍረያ-ኣይዲ( FrejaID) ክህልወካ የድሊ።
- ✓ መጀመርያኻ ግዜ እንተኾይኑ፡ ኲሉ ሓበሬታታት ክትመልኦ ኣለካ። ኣብ ዝመጽእ እዋን ዳግማይ ክተመልክት ከለኻ ግን ገሊኡ ኣብ'ቲ ፈለማ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ምሃብ ኣየድልን እዩ ኣውቶማቲካሊ ይምላእ።
- ✓ ኣብ'ቲ ተመልክተሉ እዋን ናይ መኽፈሊ ክራይ ፋቱራ(ሮቼቢታ)፡ ትሰርሕ እንተኾይንካ ጸብጻብ ናይ ደሞዝካን ውዕል ናይ ስራሕን ወይ ካልኦት ፋቱራታት ምስ'ቲ ተመልክቶ ለቂብካ ከተረክብ ኣለካ። እዞም ሰነዳት ኣብ ኮምፒተርካ እንተለዉ ሰቂልካ ትልእኾምት። ወይ ብሞቢል ስኢልካ ብቐጥታ ብኢንተርነት ትልእኾም።
- ✓ ነቲ መመልከቲ ኲሉ መሊእኻን ዘድሊ ሰነዳት ለቂብካን ትልእኾ።
- ✓ ምሳኻ ኮይኑ ዘመልክት መጻምድቲ ወይ ካልእ ሰብ ኣሎ ድዩ? ኮምኡ ዓይነት ሰብ እንተሎ፡ ነቲ መመልከቲ ቅድሚ ምልኣኽካ፡ እቲ ምሳኻ ኮይኑ ዘመልክት ሰብ ክፍርሞሉ ኣለዎ። እቲ ሰብ ብ ኤስ ኤም ኤስ( SMS) ሓንቲ መወከሲ ሊንክ ትለኣኸሉ እሞ፡ ነታ ሊንክ ምስ ጠወቓ ኣብ'ቲ ትምርሖ ቦታ ከይዱ ብBankID ወይ FrejaID ገይሩ ይፍርም።

ብኢንተርነት ምምልካት ሓገዝ እንተ ኣድልዩካ ነታ ኣብ እንዳ ሶሻል ዘላ ሃንድሌጋረ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ተሌፎን ገይርካ ተወከሳ
0121-181 00 ኣብ'ዚ ኣቲኻ እውን ዝያዳ ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።https://www.soderkoping.se/ekonomisktbistand

SÖDERKÖPING.SE

## ድሕሪ እዚ ምምልካት እንታይ የጋጥም?

ጉዳይካ ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ነገር ምስ ዘጋጥም ብቐጽበት ብSMS ወይ ብኢሜል መልእኽቲ ይለአኽልካ።

ነታ ትለአኽልካ መወከሲት ሊንክ ምስ ትጥውቓ ጉዳይካ ብዝምልከት ዘጋጠመ ለውጢ ክትፈልጥ ትኽእል።

ከተማልኦ ዘለካ ዝጎደለ ነገራት ንአብነት ናይ ክራይ ፋቱራ ወይ ናይ ደሞዝ ጸብጻብ አሎ ድዩ? ነዚ ብቐሊሉ ብሞቢልካ ስኢልካ አብ ኢንተርነት ሰቒልካ ብቐጥታ ክትልእኾ ትኽእል ኢኻ።

### አብ’ቲ ኢንተርነታዊ አገልግሎ፤

- ✓ ውሳነ ምስ መጸካ ብቐጥታ ከተንብቦ ትኽእል።
- ✓ ክንደይ ገንዘብ ከም ተወሰነልካን እቲ ገንዘብ መዓስ ከም ዝመጽን ክትርእዮ ትኽእል።
- ✓ ናይ ሃንድሌጋረኻ መራኸቢ ሓበሬታኣ ክትርእዮ ትኽእል።
- ✓ ቅድሚ ሕጂ ዘመልከትካዮም ምልክታታት ክትርእዮም ትኽእል።
- ✓ መልእኽቲ ንሃንድሌጋረ ክትልእኽ ወይ ካብ ሃንድሌጋረኻ ክትቕበል ትኽእል።